# መግለጺ ብዛዕባ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዒራዒሮ ዝርክርቡ ናይ ፖለቲካ እሱራት፣

ኣብ 18 መስከረም 2001ን ድሕሪኡ ዘሎ መዓልታትን፣ ኩሎም በትረ-ስልጣን ናብ'ቲ ወናኒኡ ዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ ክሰጋገር ኣሎዎ ብምባል፣ ኣብ ማእከል ህግደፍ ኮይኖም ዝጠለቡን ዝተንቀሳቐሱን ላዕሎዎት ሰበ-ስልጣን መንግስቲን ግንባርን ዝርከብዎም ሓርበኛታት ብትእዛዝ ኢሳይያስ ከም ዝተኣስሩ ብምጥቃስ፣

ካብ ዝተኣስርሉ ህሞት ጀሚሮም ኣብ ሕቡእ ኣብያተ-ማእሰርትታት ስለ ዝሰወሮም፣ ስድራ-ቤቶምን ናይ ቃልሲ ብጾቶምን ብፍላይ፣ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ብሓፈሻ፣ ሃለዋቶም ጠፊእዎም ኣብ ሰንፈላል ከም ዘሎዉ ብምግንዛብ፣

ኣብ 17 ነሓሰ 2006 ዓይጋ ፎረም ዳት ኮም ዝተባህለ ወብ ሳይት ኩነታት ናይዞም ኣብ ዒራዒሮ ዝርከቡ እሱራት ዝገልጽ ዝርዝራዊ ጽሑፍ ብምውጻእ፣ 9 ካብኦም ከም ዝሞቱ ምስ ገለጸ፣ ብስጋን ብቓልሲን መቕርቦ ብፍላይ፣ ኣብ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ብሓፈሻ፣ ዘሕደሮ ሻቕሎት ብምርዳእ፣

ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ  እቲ ኣብ ዓይጋ ፎረም ዳት ኮም ዝወጸ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ሓቂ ምኻኑ ብመገዱ ኣረጋጊጹ፣ እዚ መግለጺ'ዚ ከውጽእ እንከሎ ብሓዘንን ብሓበንን'ዩ።

እንሓዝነሉ ምኽንያት፣ ኩሉና'ኳ ካብ ሞት  ዘይነምልጥ እንተኾንና፣ ኣማውትኦም ባህርያዊ ዘይምኻኑ'ዩ።ካብ ሕክምና፣ ዝተመጣጠነ መግቢን ምንቅስቓስን ተሓሪሞም፣ ኣብ ብላሜራ ዝተሰርሐ ጸቢብ ገዛ ተዓጽዮም ኣብ መግዛር ሃሩር ዕራዒሮ ብምጥባስ፣ ኣብ ቀጻሊ ስነ-ኣእሙራዊን ኣካላዊን ስቅያት(ቶርቸር) ከም ዝነብሩ ብምግባሩ ዕምሮም ሓጺሩ።**ተቐቲሎም**። ብኣቀታትለኦም ድማ ሓዚንና።

እንሕበነሉ ምኽንያት ድማ ኣብ ዝኣምንሉ ዕላማ ጽኒዖም፣ መስዋእቲ ብምኽፋሎም፣ ንሳቶም ዝወልዕዎ ሽግ ቃልሲ ንሰላምን ደሞክራሲን ግዝኣተ-ሕጊን፣ ዝተቐበልዎ መንእሰያት ብምህላዎም'ዩ።

ሞት ናይ ትፈትዎ ሰብ መሪር ስለ ዝኾነ፣ ኘኹሎም ስድራታት ስውኣት ጽንዓት ይሃብኩም እንዳበልና፣ ይንዋሕ ይሕጸር ቀተልቶም ኣብ ቅድሚ ሕጊ ክቐርቡ ምዃኖም ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ከነረጋግጽ ንፈቱ። ዝተሰውእሉ ዕላማን መትከልን ድማ ህያው ክኸውን'ዩ።

ኣብ መደምደምታ መላእ ህዝቢ ኤርትራ፣ ነዞም ዝስዕቡ መስዋእቶም ዘርጋገጽና ጀጋኑ ሓርበኛታት ኣኣብ ገዝኡ ሽምዓ ወሊዑ፣ ኣብ ዝጥዕሞ መዓልቲ ክዝክሮም ንምሕጸን። ንሳቶም ከኣ፣—

1. ኣቶ ማሕሙድ ሸሪፎ፣ ሚንስተር ዞባዊ ምምሕዳርን ምኽትል ፕረሲደንትን፣

2. ጀነራል ዑቕባ ኣብርሃ፣  ጠቕላሊ ስታፍ ምክልኻል፣

3. ኣቶ ሳልሕ ከኪያ፣ ሚንስተር መጎዓዝያን መራኸቢታትን፣

4. ወይዘሮ ኣስቴር ፍስሃጽዮን፣ ሓላፊት ማሕበራዊ ጉዳያት ዞባ ዓንሰባ፣

5 ኣቶ ሳህለ ጸገዝኣብ፣(ወዲ ኢታይ) ኣኽባር ሕጊ ፣

6. ኣቶ ተኽለግዮርጊስ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጸሮና፣

7 ኣቶ ዮሱፍ መሓመድ ዓሊ፣ ጋዜጠኛ

8. ኣቶ ስዒድ ዓብደልቃድር፣ ጋዜጠኛ

9. ኣቶ መድሃኔ ሃይለ፣ ጋዜጠኛ

ዓወት ወይ ሞት!

ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ

18 ጥቅምቲ 2006